# ሓዲሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና SARS-CoV-2

## ሓበሬታ ብዛዕባ SARS-CoV-2

ካብ መጀመርታ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ኣትሒዙ ካብ ዉሃን፣ ዋና ከተማ ማእከላይ ቻይና ኣውራጃ ሁባይ ተላዒሉ፣ ቁጽሩ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ፣ መበገሲኡ ሓድሽ ዝዓይነቱ ቫይረስ ኮሮና (SARS-CoV-2) ዝኾነ ሕማም ሳንቡእን ትንፋስን፣ እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ኣብ ቻይና፣ ይርአ ኣሎ።

እዚ ሕማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ፣ ብቐጻምነት ብናይ ትንፋስ ፈሳሲ፣ ዝመሓላለፍ ተላጋቢ ሕማም እዩ።

ድሕሪ እቲ ከሳብ 14 መዓልታት ዝኸውን ዝወስድ እዋን ፈልፈለ እዘን ዝስዕባ ምልክታት ሕማም ክረኣያ ይኽእላ:

**ረስኒ፣ ሰዓል፣ ሕጽረት ትንፋስ**

## ካብ እቲ ብሕማም COVID-19 ተወሪሩ ዘሎ ከባቢ ተጓዒዝኩም ድሕሪ ምምጻእኩም

**ድሕሪ ምምጻእኩም ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ረስኒ፣ ሰዓል ወይ ሕጽረት ትንፋስ ምስ ዘጋጥመኩም**

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ፣
- ክትስዕሉን ሕንጥሾ ክትብሉን ከለኹም ካብ ካልኦት ሰባት ርሕቕ በሉ ከምኡውን ንኻልእ ወገን ተጠወዩ፤ ኢድኩም ዓጺፍኩም ንእፍኩምን ኣፍንጫኹምን ሸፍኑ ወይ ድማ ወረቐት መንዲል ተጠቀሙ፣ ቀልጢፍኩም ድማ ደርብዩዎ (ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሾን)፣
- ቀጻሊ ብማይን ሳምናን ጌርኩም ነእዳውኩም ኣጽሪኹም ተሓጸቡ፣ ንዓይንኹም፣ ኣፍንጫኹም ኣፍኩምን ካብ ምትንካፍ ተቖጠቡ (ጽርየት ኢድ)፣
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

## ካብ ሓደ ብሮበርት ኮኽ ኢንስቲቱት
## ዝተረጋገጸ ሓደገኛ ከባቢ ዝመጸኹም እንተኾንኩም
## (ምናዳ ክብ ዝበለ ቁጽሪ ሕማም ዘጋጠመ)

**ኣብዘን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ኣብ ሓደ ሓደገኛ ከባቢ ዝነበርኩም እንተኾንኩም፣ ምልክት ሕማም ይሃሉ ወይ ኣይሃሉ**

- ኣድላዪ ዘይኮነ ርክብ ኣወግዱ፣
- ብዝተኻእለኩም መጠን ካብ ገዛ ኣትውጽኡ።

**ብርቱዕ ዝኾነ ምልክት ሕማም ትንፋስ ምስ ሚዛሉ ብዘየገድስ ረስኒ ወይ ብዘይ ረስኒ**

- ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ብዛዕባ ናይ ኢድ ጽርየትን ስርዓት ምስዓልን ሕንጥሾን ዝገልጽ ተኸተሉ
- ብዛዕባ እቲ ተጓዒዝኩሞ ዝነበርኩሞ ሓቢርኩም፣ ብተሌፎን ንሓደ ሓኪም ኣፍልጡ።

## ቀጻሊ ጉዕዞ ትሐዱ እንተኾንኩም

- ነቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስቴር ዝሀቦ ናይ ጉዕዞ ሓበሬታ ኣስተውዕሉ።